

# ስዋንሲ ካውንስል

## ኦንላይን ከመይ ከምትመርጽ በብደረጃ ዘርዒ መምርሒ





**ደረጃ 1**

ናብዚ ዝስዕብ ተወከስ: [www.gov.uk/register-to-vote](http://www.gov.uk/register-to-vote)





**ደረጃ 2**

ናብ ታህቲ ወሪድካ 'Start now' ነቲ ዝብል ጠውቕ '**Start now**'





**ደረጃ 3**

- 'Wales' ነቲ ዝብል ምረጽ
- ድህሪኡ 'Continue' ነቲ ዝብል ጠውቕ





**ደረጃ 4**

- ዜግነትካ ምረጽ
- ልዕሊ ሓደ ዜግነት እንተ ኣልዩካ ነቲ ዝምልከተካ ኩሉ ምረጽ
- ድህሪኡ 'Continue' ነቲ ዝብል ጠውቕ





**ኣስተብህል**

- ኣብ ደረጃ 4 ዝመረጽካ **‘Citizen of different country’** ነቲ ዝብል እንድህሪ ኮይኑ፣ ዜግነትካ ኣብ ትህቲኡ ኣብ ዘሎ ሳጹን ጥቀስ
- ልዕሊ ሓደ ዜግነት እንተ ኣልዩካ፣ **‘Add additional country’** ነቲ ዝብል ብምጥዋቕ ተወሳኺ ሃገራት ክትጠቅስ ትኽእል
- ድህሪኡ **‘Continue’** ነቲ ዝብል ጠውቕ





**ደረጃ 5**

- ዕለተ ልደትካ ጽሓፍ
- ድህሪኡ 'Continue' ነቲ ዝብል ጠውቕ




**ደረጃ 6**


- ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሳጹን ሽምካ ጽሓፍ
- ማዕኸላይ ሽም እንተ ሓልዩካ (ሽም ኣቦ ክኸውን ይኽእል) ኣብ ካልኣይ ሳጹን ጽሓፎ እንተ ዘይብልካ ግና  ባዶ ግደፎ
- ሽም ኣቦ ወይ ኣባኣጎ ኣብ ሳልሳይ ሳጹን ጽሓፎ
- ሽምካ ፍጹም ቀዩርካ እንድህሪ ዘይትፈልጥ ኾይንካ፣ **'No, I haven't changed my name'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ሽምካ ቀዩርካ እንድህሪ **ነይርካ 'Yes I changed my name'** ነቲ ዝብል ጠውቕ - ድህሪኡ ተወሳኺ ሳጹን ክመጽእ ስለ ዝኾነ ቅድሚ ህጂ ንዝነበረካ ሽም ኣብኡ ጽሓፍ
- ቅድሚ ህጂ ሽምካ ቀዩርካ ከም ዝነበርካ ክትገልጽ እንድህሪ ዘይደለኻ **'Prefer not to say'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ




**ደረጃ 7**


- ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽርኻ ጽሓፍ - ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽርኻ ኣብ ፔይ ስሊፕ ወይ ከኣ ብዛዕባ ግብሪ፣ ጡረታ፣ ወይ ሓገዝ ሰልዲ ኣብ ዝምልከት ደብዳበ ክትረኽቦ ትኽእል
- ድህሪኡ '**Continue**' ነቲ ዝብል ጠውቕ

**ብኽብረትካ ኣስተብህል**: ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽሪ እንድህሪ ዘይብልካ ወይ ከኣ ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽርኻ እንድህሪ ዘይትፈልጦ ኾይንካ ቅድሚ ናብቲ ዝስእብ ምኻድካ ናብ ገጽ 17 ዘሎ መምርሒ ተወከስ




**ደረጃ 8**

- ፖስትኮድካ ጽሓፍ
- ብድህሪኡ 'Find Address' ነቲ ዝብል ጠውቕ





**ደረጃ 9**

- ብድህሪኡ ኣድራሻኻ ካብቲ ዝመጽእ ዝርዝር ምረጽ
- ድህሪኡ 'Continue' ነቲ ዝብል ጠውቕ

**ብኽብረትካ ኣስተብህል**: ኣድራሻኻ እንድህሪ ክትረኽቦ ዘይኽእልካ ፖስትኮድካ ብትኽክል ክም ዝመላእኻዮ ኣረጋግጽ።


ህጂ' ውን ኣድራሻኻ እንድህሪ ክትረኽቦ ዘይኽእልካ 'I cant find my address on the list' ነቲ ዝብል ጠውቕ ድህሪኡ ኣድራሻኻ ባእልኻ ክትመልኦ ትኽእል




**ደረጃ 10**


- ትነብረሉ ኣድራሻ ኣብ ደረጃ 9 ዝተጠቐ ጥራይ እንድህሪ ኮይኑ **'No'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ትነብረሉ ካልኣይ ኣድራሻ እንድህሪ ኣልዩካ **'Yes, I spend time living at two homes'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ተማሃራይ እንድህሪ ኼንካን ኣብ ግዜ ትምሕርቲ ትነብረሉ ኣድራሻ እንድህሪ ኣልዩካ **'Yes, I am a student with a home and term-time address'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ

**ብኽብረተካ ኣስተብህል**: ኣብ ክልተ ዝተፈላለየ ኣድራሻ ንክትመርጽ እንድህሪ ትደሊ ኼንካ ንክልቲኡ ኣድራሻ ዝተፈላለየ መመልከቲ ክተእቱ ትኽእል





**ደረጃ 11**

- ኣብ ዝሃለፈ 12 ኣዋርህ ካብ ካልእ ኣድራሻ ዘይቀየርካ እንድህሪ ኺንካ **'No'** ነቲ ዝብል ጠውቕ - ናብ ደረጃ 12 ሕለፍ
- ኣብ ዩኬ ካብ ዝርከብ ካልእ ኣድራሻ ቀዋሚ ናብ ዝኾነ ካልእ ኣድራሻ ቀየርካ እንድህሪ ኺንካን ጸብጻብካ ካብቲ ናይ ቀደም ኣድራሻኻ ንክስረዝ እንህሪ ትደሊ ኺንካ **'Yes, from a UK address'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ካብ ዩኬ ወጻኢ ቀዋሚ ናብ ዝኾነ ካልእ ኣድራሻ ቀየርካ እንድህሪ ኺንካ **'Yes, from abroad'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ




**ብኽብረትካ ኣስተብህል:**


- ኣብ ደረጃ 11 **'Yes, from a UK address'** ነቲ ዝብል እንድህሪ ኼንካ መሪጽካ፣ ትነብረሉ ናይቲ ዝነበረ ገዛ ኣድራሻ ፖስት ኮድ ምልኣዮ፣ ነቲ ኣድራሻ ልክእ ከምቲ ኣብ ደረጃ 9 ዝገበርካዮ ካብቲ ዝርዝር ኣድራሻታት ክትመርጽ ትኽእል




**ኣስተብህል:**

- ኣብ ደረጃ 11 **'Yes, from abroad'** ነቲ ዝብል እንድህሪ ኼንካ መሪጽካን፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ከለኻ ኣብ ዩኬ ንክትመርጽ ተመዝጊብካ እንድህሪ ኔርካ፣ 'Yes' ነቲ ዝብል ምረጽ፣ ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠዊቕኻ፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ከለኻ ኣብ ዩኬ ንክትመርጽ ተመዝጊብካ ናይ ዝነበርካሉ ኣድራሻ ምልኣዮ

- ኣብ ደረጃ 11 **'Yes, from abroad'** ነቲ ዝብል እንድህሪ ኼንካ መሪጽካን፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ከለኻ ኣብ ዩኬ ንክትመርጽ ዘይተመዝገብካ እንድህሪ ኔርካ፣ **'No'** ነቲ ዝብል ምረጽ፣ ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ




## ደረጃ 12

ህጂ ጸብጻብካ ኣብ 'Open Register' ንክኸውን ፈቓደኛ ምኧንካ ወይ ዘይምኧንካ ንክትውስን ምርጫ ኣለካ


እቲ ናይ ምርጫ መዝገብ ንክመርጹ ናይ ዝተመዝገቡ ሰባት ኩሉ ሽምን ኣድራሻን ኣብ መዝገብ የቀምጥ' ዩ።


እዚ ናይ ምርጫ መዝገብ 2 ዓይነት' ዩ:

1. 'The Full Version'
2. 'The Open Register' – እዚ ናይ ምርጫ መዝገብ ቅዳሕ ክገዝእ ንዝደለየ ኩሉ ኩፉት ዝኾነ ኢዩ

ጸብጻበይ ኣብዚ መዝገብ ንክኸውን ኣይደሊን እንድህሪ ኢልካ ኣብ መሰል ናይ ምምራጽ ዝኾነ ጽልዋ ኣይገብረልካን

- ሽምካን ኣድራሻኻን ኣብ ኩፉት ዝኾነ መዝገብ ንክምዝገብ እንድህሪ ዘይትደሊ ኼንካ **'I do not want my name and address to appear in the open register' ነቲ ዝብል ሳጹን ምልክት ግበረሉ** ✓
- ሽምካን ኣድራሻኻን ኣብ ኩፉት ዝኾነ መዝገብ ንክምዝገብ እንድህሪ ትደሊ ኼንካ ነቲ ሳጹን ባዶ ግደፎ
- ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ




## ደረጃ 13


ህጂ ብቡስጣ ንክትመርጽ እንድህሪ ደሊኻ ንክትውስን ምርጫ ኣለካ

ብቡስጣ ክትመርጽ እንድህሪ ደሊኻ ናይ መምረጺ ወረቐት ብኣድራሻኻ ወይ ብኢሜልካ ክለኣኽልካ ኢዩ።

ኩሉ ሰብ ብቡስጣ ንክመርጽ ከመልክት ይኽእል። ብቡስጣ ንክትመርጽ ምኽንያት ክተቕርብ የብልካን።

ብቡስጣ ንክትመርጽ ርግጸኛ እንድህሪ ዘይኾንካ፣ ህጂ ተመዝጊብካ ብቡስጣ ንክትመርጽ ንመጻኢ ክተመልክት ትኽእል።

- ብኣካል ክትመርጽ እንድህሪ ደሊኻ **'No, I prefer to vote in person'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ብቡስጣ ንክትመርጽ ኣመልኪትካ እንድህሪ ኼንካ **'No I have a postal vote'** ነቲ ዝብል ጠውቕ - ብኽብረትካ ኣስተብህል : ኣድራሻ ቀዩርካ እንህሪ ኼንካ ከምብሓድሽ ብቡስጣ ንክትመርጽ ክተመልክት ይግብኣካ
- ብቡስጣ ንክትመርጽ ክተመልክት እንድህሪ ደሊኻ **'Yes send me a postal vote application form'** ነቲ ዝብል ጠውቕ ድህሪኡ ብኢሜል ክስደደልካ እንድህሪ ደሊኻ (**'Email it to me'** ነቲ ዝብል ጠውቕ) ብቡስጣ ክስደደልካ እንድህሪ ደሊኻ ከኣ (**'Post it to me'** ነቲ ዝብል ጠውቕ')
- ድህሪኡ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ





## ደረጃ 14

ህጂ ቁጽሪ ቴሌፎንካን ኢሜልካን ክትመልእ ትኽእል።

ቁጽሪ ቴሌፎንካን ኢሜልካን ኣብ ትነብረሉ ከባቢያዊ ምምሕዳር ( ኣብ ስዋንዚ ንክትመርጽ ተመዝጊብካ እንድህሪ ኼንካ፣ ስዋንዚ ካውንስል) ናይ ምርጫ መዝገብ ቤት ጽሕፈት ብስቱር ክተሃዝ ኢዩ። ክራኽቡኻ ዝኽእሉ፣ ብዛዕባ ናይ ምዝገባ መመልከቲኻ ተወሳኺ ሓበሬታ እንድህሪ ደልዮም ጥራይን መረጋገጺ (ብኢሜል) ንክስዱልካ ኢዩ። ቁጽሪ ቴሌፎንካን ኢሜልካን ንዕዳጋ ወይ ንዝኾነ ካልእ ምኽንያት ኣይንጥቀመሉን።

- ስዋንዚ ካውንስል ናይ ምርጫ መዝገብ ቤት ጽሕፈት፣ ብዛዕባ ናይ ምዝገባ መልከቲኻ ሕቶ እንተደኣ ኣለዎም ንክድውሉልካ ፈቓደኛ እንድህሪ ኼንካ፣ ስለዚ ቁጽርኻ 'Contact me by phone' ኣብቲ ዝብል ምልኣዮ
- ስዋንዚ ካውንስል ናይ ምርጫ መዝገብ ቤት ጽሕፈት፣ ብዛዕባ ናይ ምዝገባ መልከቲኻ ሕቶ እንተደኣ ኣለዎም ብኢሜል ንክራኽቡኻ ፈቓደኛ እንድህሪ ኼንካን መረጋገጺ ኢሜል ክሰዱልካ እንድህሪ ደሊኻ፣ ኢሜልካ 'Contact me by email' ኣብቲ ዝብል ምልኣዮ
- ድህሪኡ 'Continue' ነቲ ዝብል ጠውቕ





**ደረጃ 15**

ህጂ ዝሃብካዮ ሓበሬታ ኩሉ ልክእ ከም ዝኾነን ጌጋ ከምዘየለ ንምርግጋጽ መሊሰካ ርዓዮ።

ክትእርሞ እትደልዮ ዝኮነ ጌጋ እንተደኣ ኣሎ፣ ክትእርሞ ጥቓ ትደልዮ ቦታ **'Change'** ነቲ ዝብል ጠውቕ

ዝሃብካዮ ኩሉ ሓበሬታ ልክእ ከም ዝኾነ እንድህሪ ኣረጋጊጽካ **'Continue'** ነቲ ዝብል ጠውቕ




## ደረጃ 16

ህጂ መመልከቲኻ ክትሰዶ ትኽእል።

መመልከቲኻ ክትሰድዶ ኮለኻ፣ ዝሃብካዮ ኣረጋጊጽካ ኣሎኻ ማለት' ዩ።


መንነትካ ንክነረጋግጽን ንክትመርጽ ክትምዝገብ ዝግበኣካ ሰብ ክምዝኾንካ ንምርግጋጽ፣ ጸብጻብካ ምስ ካልኦት ናይ መንግስቲ ትካላት ክንካፈሎ ንኽእል።

ጸብጻብካ ብኸመይ ከምንትቀመሉ ተወሳኺ ሓበሬታ እንድህሪ ደሊኻ፣ **'how we handle your data'** ነቲ ዝብል ጠውቕ

ኣብ መመልከቲኻ ኮነ ኢልካ ናይ ሓሶት ጸብጻብ እንድህሪ ሂብካ፣ ን 6 ወርሂ ክትእሰር ትኽእል ወይ ከኣ መቕጸእቲ

ክዋሃበካ ይኽእል

ዝሃብካዮ ኩሉ ሓበሬታ ልክእ ክም ዝኾነ እንድህሪ ኣረጋጊጽካን ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኩሉ ልክእ እንድህሪ ኾይኑ፣ መመልከቲኻ ንክተእትዎ **'I accept – send my application'** ነቲ ዝብል ጠውቕ





ህጂ መመልከቲኻ ኣእቲኻዮ ማለት’ ዩ፣ ረፈፍረንስ ቁጽሪ (መወከሲ ቁጽሪ) ኣብ ኮምፕዩተር ክወጽእ ኢዩ።

ኢሜል እንድህሪ ሂብካ ኣሎኻ፣ መረጋገጺ ኢሜል ክስደደልካ ኢዩ።


ኢሜል እንድህሪ ዘይሃብካ ኼንካ ደብዳበ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲታት ክበጽሃካ ኢዩ። ምርጫ ዝካየድ ኣብ ስዋንዚ እንተደኣ ኾይኑ ልዕሊኡ ክወስድ ይኽእል።


ንስዋንዚ ካውንስል ናይ ምርጫ መዝገብ ቤት ጽሕፈት ክትረኽቦም እንድህሪ ደሊኻ፣ **‘local Electoral Registration Office (link opens in a new window’** ነቲ ዝብል ጠውቕ

ንሃገራዊ ቑጽሪ መድሕንካ ዘይትፈልጦ እንተ ዀንካ ኣብ ልዕሊ ጠውቕ **'I don't know my National Insurance number'**




- ናሽናል ኢንሹራንስ ቑጽሪ ከምዘለካ እንድህሪ ትፈልጥ ኼንካ ግና ንክትረኽቦ ሓገዝ እንድህሪ ትደሊ ኼንካ **'I need help finding my national insurance number'** ነቲ ዝብል ጠውቕ
- ናሽናል ኢንሹራንስ ቑጽሪ ብዝተፈላለየ መገዲ ከመይ ክትረኽቦ ከምትኽእል ዝሕብረካ ናብ ሓድሽ ገጽ ክወስደካ ኢዩ






- ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽሪ ብዝኾነ ምኽንያት ክትህበና ዘይትኽእል እንድህሪ **ኼንካ፣ 'I can't provide my national insurance number'** ንቲ ዝብል ጠውቕ

- ናሽናል ኢንሹራንስ ቁጽሪ ክትህበና ዘይትኽእሉ ምኽንያት ኣብቲ ሳጹን ሓብረና፣ ንኣብነት 'I don't have a national insurance number, but I can provide copies of my identiry documents in the post'

- ኢሜል እንድህሪ ኣሎካ ኣብቲ ሳጹን ጽሓፎ፣ እዚ ብፈቓድካ ትህቦ ኢዩ፣ ብቀሊል ክንራኽበካ ይጠቅም